# ቃለ-ማሕተት ምስ ብጻይ መንግስተኣብ ኣስመሮም፡
## 03.05.2007

ብጻይ መንግስተኣብ ኣስመሮም ኣቦ-መንበር ቀዳማይ ግናዕ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ምስ ድምጺ ዲሞክራስያዊት ኤርትራ ኣህጉራዊ ፈነዋ ተራኺቡ ዝቐረብሉ ሕቶታትን ዝሃቦ መብርህን ንምክትታል፡ ኣብ ናይ ዕለት 03ን 10 ጉንበት 2007 ፈነዋ ራድዮ ዝተማሓላለፈ ኰይኑ፡ ንምክትታሉ ኣብ ንሓርነት. ካም ክስማዕ ይካኣልዩ፡ መቀጸልትኡውን ገና ክስዕብ ምዃኑ ንሕብር።

ብጻይ መንግስተኣብ ገለ ካብ ግዜኻ ወፊኻ ምስ ዲምጺ ዲሞክራስያዊት ኤርትራ ኣህጉራዊ ፈነዋ ተራኺብካ ንእነቕርበልካ ሕቶታት መብርሂ ንኽትህብ ፍቓደኛ ብምዃንካ ብስምናን ብስም ተኸታተሊ መደብናን ከነመስግነካ ንፈቱ።

1. ንዓና ቅድሚ ዝኾነ ይኹን ዛዕባ ኣብ ቀዳማይ ቦታ ዝስራዕ ኲነታት ኤርትራን ህዝባን ኢዩሞ፡ ናብ ካልእ ሕቶታት ቅድሚ ምእታውና፡ እዋናዊ ሃለዋት ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ከመይ ከም ዝመስል ክትሕብረና ምኻኣልካ ዶ?

2. ኣብ ከባቢና ተኸሲቱ ብዘሎ ኲነታት፡ ግደ ኤርትራን ጐረባብቲ ሃገራትን ብፍላይ ድማ ኣብ ጉዳይ ሶማል ንዝምልከት ኸመይ ኢዩ ዝምዘን?

3. ክሳብ ክንደይ ኣሳቲፉ ስፍሓት ነይርዎ ንህዝቢ ሶማል ዝተርፍ ኰይኑ፡ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኤርትራ ኣንጻር ነቲ ብምርጫ ህዝቢ ሶማል ዝቘመ መሰጋገሪ መንግስቲ ምዕጣቑ እንታይ ዝኣመተ ይኸውን ትብሎ? ስርዓት ህግዲፍ ነቲ ኣብ ተቓውሞ ዝርከብ እስላማዊ ሓይልታት ኤርትራ ብጥሩፍነትን ብናይ ደገ ሓገዝን ክኸስስ እንከሎ፡ ነቲ ናይ ሶማል ብእስላማዊ ቤት ፍርዲ ዝፍለጥ እስላማዊ ሓይሊ ብኹሉ ኣቕምታቱ ክድግፎ እንከሎ ከመይ ትርእዮ?

4. ካልኣይ ጉባኤ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣብ ምቛም ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ተሰማሚዑ ክወጽእ ብዘይምኽኣሉ፡ ብዙሕ ኣብ ተቓውሞ ዝነበረ ህዝቢ ጉህዩ ክሳብ ኣብ ስልጣን ካብተባእሱስ ህዝብና ኣትይዎ ዘሎ ጸበባ ኣብ ግምት ዘእተዉ ኣይመስለናን፡ ካብ ስርዓት ኢሳያስ ዝፈልዮም ነገር የብሎምን ዝብል ስምዒታት ክሕድር እንከሎ፡ እቲ ደጋፊ ናይቲ ስርዓት ዝመስል ድማ፡ ኣይበልናኩምን ዶ፡ ኢሳያስ ይሓይሽ፡ ንህዝቢ ብዘይኣፈላላይ ማዕረ ይመርሕ ኣሎ፡ ዝብሉ ምስምሳት ፈጢሩ፡ እዚ ብሂላትዚ ከመይ ትመዝኖ?

5. ኣብ ካልኣይ ጉባኤ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ካብዝተፈላለየ ቦታታት ዝመጹ ታዓዘብቲ ተሳቲፎም ምንባሮም ፈሊጥና፡ ንደምበ ተቓውሞ ብሓፈሻ፡ ነቲ ዝተረኽበ ናይ ኪዳን ኣብ ክልተ ሸነኻት ምዃን ኸ ብኸመይ ተረዲኤሞ ይመስለካ?

6. ሰውራዊ ባይቶ ካብ መጀመርታ ኣብ ናይ ኣቦ-መንበርነት ምርጫ ክሳተፍ ዘይምድላዩ ንነብሱ ተመራጺ ስለዘይነበረ ድዩ ወይስ ካልእ ዘቕረቦ ምኽንያታት ነይርዎ ኢዩ? እንተነይርዎ ክሳብ ክንደይ በተን ካልኦት ውድባት ቅቡል ነይሩ?

7. እዚ እንተደኣ ኰይኑ እቲ ኲነታት፡ ስለምንታይ ደኣ ኪዳን ኣብ ክልተ ግናዓት ምስተኸፍለ፡ ንስኻ ብጻይ መንግስተኣብ ኣቦ-መንበር ናይቲ ሓደ ግናዕ ክትከውን ሰውራዊ ባይቶ ተቐቢልዎ?

8. ኪዳን ኣብ ክልተ ኣካላት ድሕሪ ምምቃሉ፡ መሪሕነት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ ምስዝተፈላለያ ውድባት ናይቲ ካልኣይ ሸነኽ ኪዳን ብተናጸል ኣብ ልዝብ ምእታዉ ዝዝከርዩ፡ ዕላማ ናይቲ ርኽክብ እንታይ ነይሩ? መሪሕነት ናይተን ክልተ ውድባት ኸ ነቲ ርኽክብ ብኸመይ ይመዝንዎ?

9. ኣብ ዘረባካ ክልተ ክፋላት ኪዳን ሕጂውን ገና ተዋሃሂዶም ክኸዱሉ ዝኽእሉ ባይታ ክህሉ ከምዝኽእልን ጻዕርታት ከምዘድልን ጠቂስካ ኔርካ፣ እዚ ክልተ ሽነኻት ናይ ኪዳን ቻርተሩ ሓደ ምዃኑ ፍሉጥ ኰይኑ፣ ካልእ ብሓደ ክስርሑም ዝኽእል ባይታ እንታይ ኣሎ ትብሎ?

10. ድሕሪ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣብ ክልተ ኣካላት ምቛሙ፣ ግደ ጐረባብቲ ሃገራት እንታይ ነይሩ? ኪዳን ኣብ ሓደ ንምምጽኡ ዝተገብረ ፈተነታት ነይሩ ዶ?

11. እዚ ንሰለስተ ውድባት ዝሓቘፈ ግናዕ ኪዳን፣ ብሓባራዊ ስራሓት ተሳንዩ ክኸይድ ክሳብ ክንደይ ኢዩ ትጽቢት ዝግበረሉ? ድሕሪ ምፍልላይ ዝተሰርዐ ንሓባራዊ ስራሓት ዝኸውን መደባት እንታይ ኣሎ?

12. ደምበ ተቓውሞ ሓይሉን ተጠራኒፉን ብቑዕ መተካእታ ክኸውን ዝኽእል ሓይሊ ክፈጥር ብዘይምኽኣሉ ስርዓት ህግዲፍ ቀጻልነት ረኺቡ ሃገርን ህዝብን ኤርትራ ድማ ንብዙሕ ሓደጋታት ተሳጢሑ ምህላዉ ብሩህ ኢዩ። ነዚ ኩነታትዚ ንምቕያር መተካእታ ክኸውን ዝኽእል ሓይሊ እንእምቶ ኣሎ ክባሃል ይካኣል ዶ ይመስለካ?

13. በዚ ኣጋጣሚ ንህዝቢ ብሓፈሻ፣ ነዚ ሓድሽ ወለዶ ድማ ብፍላይ ከተማሓላልፎ እትደሊ መልእኽቲ እንታይ ኣሎ?

የቐንየልና፣ ደጊምና ድማ ነመስግነካ።